AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ኮቪድ-19 ሒዝዎ ንዝነበረን ሕጂ እውን እተወሰነ ናይ ሕማም ስምዒት ንዝምዎን ዝምልከት ሓበሬታ



# ኮቪድ-19 ሒዙካ ንዝነበረ ዝምልከት

ገሊኦም ኮቪድ-19 ሒዝዎም ዝነበረ ሰባት ድሕሪኡ እተወሰነ ክጽልኦም ወይ ናይ ሕማም ስምዒት ክስምዖም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ነቶም ብኸቢድ ሓሚሞምን ኣብ ሆስፒታል ኣትዮምን ዝነበሩ ኾነ ነቶም ኣብ ገዛኦም ከለዉ ቀኑብ ሓሚሞም ዝነበሩ ክጋጥሞም ይኽእል እዩ።

እቲ ምልክታት እተፈላለየ እኳ እንተ ኾነ፡ ድኻምን ናይ ምርሳዕ ጸገምን ምሕዛንን ጭንቀትን ገለ ኻብቲ ምልክታት እዩ። ገሊኦም ሰባት ናይ ምትንፋስ ጸገም የጋጥሞም፡ ገሊኦም ከኣ ናይ መጋጥምትን ደረት ኣፍ ልብን ቃንዛ፡ ሰዓል ወይ ከኣ ናይ ምጭናውን ምጥዓምን ክእለት ምንካይ ኪጋጥሞም ይኽእል እዩ።

ድሕሪ እቲ ሕማም ከምዚ ዓይነት ምልክታት ምርኣይ ልሙድ እዩ። ክሳዕ ዝሓልፍ ከኣ ግዜ ኽወስድ ይኽእል እዩ።

በዚ ምኽንያት እዚ፡ ገሊኡ ሰብ ምስ ገዛኡን ስራሑን ትምህርቱን ናይ ዕረፍቲ ግዜኡን ብዝተተሓሓዘ ናብ ናይ ቀደም ንቡር ህይወቱ ምምላስ ይኸብዶ እዩ።

**ንኽሕሸካ እትረኽቦ ሓገዝ**
ኮቪድ-19 ድሕሪ ምሕማምካ ድሕሪ ዓሰርተው ክልተ ሰሙን እውን ጥዕና ዘይስምዓካ እንተ ኾይኑ፡ ንኽሕሸካ ሓገዝ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።

ባዕሉ ክሕሸኒ እዩ ኢልካ ኣይትቕሰን፣ የግዳስ ናብ ንቡር ንኽትምለስ በብቑሩብ ንርእስኻ ከተጠንክር ጽዓር። ባዕልኻ እትገብሮ ምንቅስቓሳት ወይ ከኣ ኣብቲ እትነብሮ ኮሙን ዝህሉ ንሰብነትካ ከተደልድል ዝሕግዝ መደባት ክጠቕመካ ይኽእል እዩ።

ገሊኦም ሰባት ኣብቲ ሰብ ሞያ ዘለውዎ መደባት ተሃድሶ (ናብ ንቡር ህይወት ክትምለስ ዝሕግዝ መደባት) ዝወሃቦ ቦታታት ክኸዱ የድልዮም እዩ።

**መደባት ተሃድሶ እንታይ እዩ፧**

መደባት ተሃድሶ ክብሃል ከሎ መዓልታዊ ህይወትካ ከም ንቡር ምእንቲ ኽተካይድ ርእስኻ ንኽተደልድል ዝሕግዝ መደባት እዩ። እቲ ዕላማኡ ኸኣ ከምቲ እትደልዮ ርእስኻ ኽኢልካ ኽትነብር ንምሕጋዝ እዩ።

**ንሓኪመይ ክረኽቦ ዘድልየኒ መዓስ እዩ፧**

ብሰንኪ ኹነታትካ ርእስኻ ምኽኣል እንተ ኸቢዱካ፡ ሓገዝ ንምርካብ ንሓኪምካ ክትድውለሉ ኣሎካ። ሓኪምካ ኸኣ ንኹነታት ክምርምርን ተሃድሶ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ክግምግምን እዩ።



**Akershus universitetssykehus HF**

Besøksadresse: Sykehusveien 25, Lørenskog
Postadresse: Postboks 1000, 1478 Lørenskog
Telefon: 67 96 00 00
Epost: postmottak@ahus.no

**ahus.no** • MENNESKELIG NÆR, FAGLIG STERK

UiO : Universitetet i Oslo